ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ማይ ፀብሪ ንዝተፈላለዩ ኣገልግሎት ዝውዕሉ ንብረታት ማለት ኣቁሑት መሳርሒ ህንፃ፡ ኣቁሑት ኤሌክትሪክ ፣ መሳርሒ ፅሕፈት ፣ ኣቁሑት መለዋወጢ መኪና ፣ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ነሓሰ 20, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጳጉሜን 6, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጳጉሜን 6, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ናይ 2011/12ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግድን መቅረባይነትን፤ሒሳብ መለለይ ቁፅሪ ዘለዎ፤ ተመዝጋቢ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝኾነ ናይ ወርሒ ሓምለ/ነሓሰ 2011ዓ/ም ሒሳብ ዘፍለጥሉ ዘድሊ መረዳእታ ዘይምለስ ቅዳሕ ግልፅን ተነባብን ገይሩ ዘቕርብ፤

2ኣብ ዝመልኦ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ካብ ዋና ንብረት ወፃኢ ምቅራብ ካብ ዝተቐመጡ ዝርዝር ወፃኢ ኣብ ዘይ ዘፈር ንግድኻ ምውድዳርን ካልኦትን ጨረታ ዘዛብዑ ስራሕቲ ዘይፍቀድ ም኿ኑ ዝርዝር መወዳደሪ ከይተለወጠ እቲ ትካል ብዝመረፆን መርኣያ መሰረት ዘቕርብ፣

3 ሰነድ ጨረታ 50.00 ቅርሺ ብምኽፋል ኩሉ ግዜ ኣብ ስራሕ መዓልቲ ናብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ማይ ፀብሪ ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ር/ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 5 ብምውሳድ ኣብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ማይ ፀብሪ ዝተዳለወ መቀበሊ ሳንዱቅ ጨረታ ምእታው ይከኣል።

4 ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ መፅዓንን መራገፍን ናብ ንብረት ክፍሊ እቲ ትካል ከቕርብ ዝኽእል፤

5 መኽበሪ ውዕሊ 10% ዘትሕዝ ንዝመልኦ ዋጋ ምስ ተወሳኺ እሴት ታክስ ሓዊሱ ዝመልእ፤ መኽበሪ ጨረታ ሲፒኦ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ወይ ብጥረ ገንዘብ ዘትሕዝ ኮይኑ ንኣቁሑት ሕንፃ መሳርሒ 5000.00 ዝተረፉ ኣቁሐት 3000.00 ሽሕ ቅርሺ ከትሕዝ ኣለዎም።

6 ጨረታ ኣብ ኣየር ዝፀንሓሉ ግዜ ካብ 20/12/2011ዓ/ም ክሳብ 05/13/2011ዓ/ም እንትኸውን ጨረታ 06/13/2011ዓ/ም ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ ሰዓት 4:00 ኣብ ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ማይ ፀብሪ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት።

7 ብዘይ ምህላዎም ጨረታ ካብ ምኽፋት ኣይተኣገልን።

8 ዋጋ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ ንተኸታታሊ 45 መዓልትታት ኮይኑ መቅረባይ ውዕሊ ካብ ዘኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዝተውሃቦ መዓልታት ፅሬት ዘለዎ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጓዓዓዝያ መፀዓንን መራገፍን ኣታዊ ክገብር ኣለዎ።

9 እቲ ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

10 እቲ ኮሌጅ 20% ናይ ምውሳክ ወይ ምቅናስ መሰል ኣለዎ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0348-903180 ምድዋል ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle